KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# መንበሪ ገዛ

መንበሪ ገዛ ምርካብ
መንበሪ ገዛ ምክራይ
ጉርብትና
ተለቪዥን / ተለፎን / ኢንተርነት
ምውጋን/ምጉሓፍ ጎሓፍ

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# መንበሪ ገዛ ምርካብ

**መብዛሕትኦም ነበርቲ ስዊስ ኣብ ገዛ ክራይ ይነብሩ። ምድላይ መንበሪ ገዛ ኩሉ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን: ዋጋ ክራይ ገዛ ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ኢዩ።**

## ዕዳጋ መንበሪ ገዛ

መብዛሕትኦም ነበርቲ ስዊስ ኣብ ገዛ ክራይ ይነብሩ። ንመንበሪ ገዛ መህነጺ ዝከውን መሬትውን ኣዝዩ ውሑድ ስለዝኾነ:ብዝያዳ ከኣ ኣብ ማእከላይ ቦታ ዝርከባ ምምሕዳር ከባቢታት: ክራይ ገዛ ኣይርከብን። ዋጋ ገዛ ክራይ ክኣ ኣዝዩ ክቡር ኢዩ። ኩሉ ሰብ ሓደ ርብዒ ናይ ደሞዙ ንገዛ ክራይ ይኸፍል። ካብ ማእከላት ናይ ከተማ ርሒቕካ መንበሪ ገዛ ክራይ ምድላይ: ተመራጺ ይኸውን። ንእሽቱ ቦታታት ኣብ ዝርከብዎ ገዛ ምስትካረ ንህዝባዊ መጓዓዝያ ጽቡቕ ተመራጺ ይኸውን።

## መንበሪ ገዛ ምርካብ

መንበሪ ገዛ ክራይ ዝምልከት ቀረባት ዝገብራ ብዙሓት ናይ ኢንተርነት ማዕከናት ኣለዋ። ኣብ ናይ ከባቢ ጋዜጣታት: ብዛዕባ ክራይ ገዛ ሓበሬታ ዝዝርግሓ ኣለዋ። ገለ ኣካረይቲ ገዛ: ኣብ ናይ ዕዳጋ ማእከላት ናይ ምምሕዳር ቤትጽሕፈትን (z.B. Gemeindeverwaltungen) ንምውዕዋዕ ገዛ ክራይ ይጽሕፉ። ብዙሓት ገዛውቲ ንክራይ ዝቐርቡ: ኣብ መወዓውዒ ኣይወጽኡን።ስለዚ ካብ ኣዝማድ ወይ ፈልጥቲ ብዛዕባ ንክራይ ዝኸውን ገዛ ምስማዕን ምሕታትን ጽቡቕ ኢዩ። .

## ምምልካት ከም ተኻራዪ ገዛ

ሓደ ገዛ ክካረ ዝደሊ ሰብ: ከም ሕጊ: ምስ ኣካራዪ ወይ ወናኒ ትካል ክራይ ገዛ ይራኸብን: ንክርእዮ መዓልቲ ምርኣይ ቆጸራ ይገብር። ነቲ ገዛ ክካረዮ ከመልክት እንተደልዩ: ሓደ ናይ መመዝገቢ ቅጥዒ ክመልእ ኣለዎ። ነዚ ቅጥዒ ካብ ኣካራዪ ገዛ ይረኽቦ። ብተወሳኺ መብዛሕትኦም ኣካረይቲ ገዛ ካብ ተኻረይቲ: ካብ ዕዳ ነጻ (Betreibungsregisterauszug) ምኻኖም መረጋገጺን ሓደ ሓርፋፍ ገምጋም ናይ ደሞዞም ከምጽኡ ይሕተቱ። በዚ ከኣ ነቲ ክራይ ክኸፍልዎ ከምዝኽእሉ ይረጋግጹ።ነቲ ናይ ካብ ዕዳ ነጻ ምኻንካ ዘረጋግጽ ወረቐት ካብ ትካል ምክትታል ዕዳ (Betreibungsamt) የውጽእዎ።ንሓደ ገዛ ክካረይዎ ዝደልዩ ብዙሓት ክኾኑ ስለዝኽእሉ ኣብ ብዙሕ ገዛውቲ ምምልካት ተመራጺ ይኸውን።

## መንበሪ ክፍሊ / ገዛ ምግዛእ ወይ ምዕዳግ

ወጻእተኛታት ናይ ናይ ኩሉ ግዜ መንበሪ ፍቓድ C ዘለዎም ብዘይ ገለ ገደብ ኣብ ካንቶን ኣርጋው ገዛ ክገዝኡ ይኽእሉ። እዚ መሰል ንካብ EU/EFTA-ዝመጽኡ እሞ መንበሪ ፍቓድ B ዘለዎም ውን ይፍቀድ።ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጽኡ ሰባት እሞ መንበሪ ፍቓድ B ዘለዎም: ገዛ ክገዝኡ እተደልዮም: ባዕሎም ጥራይ ክነብርዎ ኣለዎም። ንካልእ መንበሪ ፍቓድ ከም (L, F) ዘለዎም ግን ገዛ ክገዝኡ ኣይክእሉን። ንጭቡጥን ንጹርን ሓበሬታ ግን ነዚ ጉዳይ ዝምልከቶ ኣካል መሰረታዊ ተሓዝ መዝገብ (Grundbuchamt). ይሕብር ወይ መምርሒን መቓለጺን ክርከብ ይከእል።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/housing/finding-an-apartment--house

# መንበሪ ገዛ ምክራይ

ገዛ ክራይ ዝካረ ሰብ ዝተፈላለዩ ሕጋዊያን መሰላትን ግቡኣትን ኣለዎ። ኣካረይቲ ገዛ ካብ ሎሚ ንጽባሕ ካብ ገዛ ክራይ ከውጽእኻ ኣይክእሉን። እቶም ተኻረይቲ ከእ ሕግታት ገዛ ክራይ ከኽብሩ ኣለዎም።

## ውዕል ክራይ ገዛ

ከም ሕጊ ኣካራዩን ተኻረይቲን ሓደ ናይ ጽሑፍ ውዕል ብዛዕባ ሕግታት ክራይ ይወዓዓሉ። ናይ ቃል ስምምዕውን ንውዕል ገዛ ክራይ ክቕይድ ይኽእል ኢዩ። እዚ ግን ተመራጺ ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ ኣጋጣሚ: ኣብ ውዕል ገዛ ክራይ: ብዝተሓተ ደረጃ:መሰልን ግቡኣትን: ናይ ግቡእነት መሰላት (Obligationenrecht) ብዕቱብ ክተሓዙ ኣለዎም።

## ክራይ ገዛ

ክራይ ገዛ: ኣብ ንቡር ኩነታት: ካብቲ ጽሩይ ወለድ ክራይ: ተወሳኺ ወጻኢታት (Nebenkosten) (መውዕዩን ውዑይ ማይን) ብሓንሳብ የጠቓልል።ናይ ናይ ክራይ ውዕል ዝጥቀስ ተወሳኺ ክፍሊት ወጻኢታት ጥራይ ኣብ ትጽቢት ከም ሕሳብ ክኣትዉ ኣለዎም። ክራይ ገዛ ወርሕዊ ኣቐዲምካ ኣብ መጀመርታ ወርሒ ክኽፈል ኣለዎ። ኣካራዩ ገዛ ንዋጋ ክራይ ኣብ ጭቡጥ ምኽንያታት ጥራይ ክውስኽ ይኽእል። ንምውስኽ ገዛ ክራይ ዝምልከት ኣብ እዋኑ ሓደ ሕጋዊ ቅጥዒ መሊኡ ብስርዓት ክሕብር ይግባእ። ነዚናይ ምውሳኽ ገዛ ክራይ ተኻራዩ ዘይርትዕዊ ኮይኑ ምስዝረኽቦ: ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ: ናብ ናይ ኣሰነይቲ ወይ ዓረቕቲ ሰብ-ስልጣን (Schlichtungsbehörde) ቤት-ጽሕፈት ናይ ወረዳ ከመልክት ይኽእል። ኣካራዩ ብተወሳኺ ሓደ ዋሕስ ክፍሊት (Kaution) ናይ 3 ወርሒ ክራይ ኣቐዲሙ ዝኽፈል ክሓትት ይኽእል።እዚ ክፍሊት ውሕስነት ካብቲ ገዛ ክራይ ክትወጽእ ከሎኻ ተመሊሱ ይወሃበካ።

## ምእታው / ምግዓዝ ናብ መንበሪ ገዛ

ኣብ ሓደ ሓድሽ ክራይ ገዛ ክትኣቱ ከለኻ ብዙሕ ዝርዝር ሕግታት ዝሓዘ ጽሑፍ ምስ ውዕል ክራይ ገዛ ናይ ምርኽኻብ ወግዒ (Wohnungsabnahmeprotokoll) ዝበሃል ይወሃብ። ኣብዚ ከኣ ተኻራዩን ኣካራዩን ገዛ: ኩሉ ዝርዝር ንብረት ገዛ: ዝተበላሸወ ንብረት: የረጋግጹን ይወሃሃቡን። በዚ ከኣ እቲ ተኻራዩ ናይ ዝሓለፈ ተካራዩ ዕዳ ናይ ዘበላሸዎ ንብረት ተሓታቲ ከይከውን የረጋግጽ። እንስሳ-ዘቤት ዘለዎ ተኻራዩ: እንስሳኡ ኣብቲ ገዛ ክሕዞም ከምዝኽእል: ኣቐዲሙ ክሕብር ይግባእ። ተጠንቀቕ: ኣብ ሓድሽ ገዛ ክራይ ድሕሪ ምእታው: ኣብ ውሽጢ 2 ሰሙን ንምምሕዳር ከባቢ: ክሕብር ይግባእ።

## ዕንወት / ብልሽት ኣብቲ መንበሪ ገዛ

ንእሽቱ ብልሽት ኣብቲ ክራይ ገዛ ዘጋጥሙ: ተኻረይቲ ባዕሎም ክሽፍልዎም ይግባእ። ንኣብነት ሓድሽ ናይ ባኞ ትቦ: ናይ ሳሙና መቐመጢ።ኣብ ዓበይቲ ወጻእታት ዝሓቱ ብልሽት ወይ ምቕያር ንብረት: ኣካራዩ ባዕሉ ክሽፍሎም ይግባእ። ተኻረይቲ ባዕሎም ንዘስዓብዎ ብልሽት ባዕሎም ክሽፍልዎ ይግባእ። ነዚ ኣጋጣሚታት: ሰብ ናይ ውልቂ ብግቡእ ምትሓዝ ዝምልከት ድሕነት ክእቱ ኣለዎ። ገለ ነገር ምስዝበላሾም ምቕያሩ ምስዝድለ: ንኣብነት: ኣብቲ ገዛ ገለ ምቕያር ምስዝድለ: (መንደቕ ሕብሪ ምልካይ): ተካራዩ ነቲ ኣካራዩ ክውከሶ ይግባእ። ሓደ ዓቢ ነገር ኣብቲ መንበሪ ገዛ ምስዝህሉ: ንኣብነት ዘይሰርሕ መውዓዩ: ወይ መሕጸቢ ክዳውንቲ: ወይ ረብሻ ድምጺ ናይ ስርሓት ህንጻ.... ሓደ ናይ ዋጋ ክራይ ምጉዳል መሰል ክህሉ ይከእል።

## ምስንባት / ምውጻእ

ኣካራዩ ወይ ተኸራዩን ንሓደ ገዛ ዝምልከት ውዕል ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ናይ ዓመት ጥራይ ክስርዝዎ ይከእል።ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ፍሉጣት ናይ ምስራዝ ውዕል ክራይ ናይ ግዜ ቆጸራ: 31. መጋቢት: 30. ሰነ: 30. መስከረምን ኢዮም። ካብዚ ወጻኢ እቲ ናይ ምስራዝ ውዕል ኣብ ግቡእ ግዜኡ ጥራይ ክኸውን ኣለዎ። ሓደ መንበሪ ገዛ ውዕል ክራይ ንምውሳን ብውሕዱ 3 ወርሒየድሊ። መብዛሕትኡ ግዜ: ናይ ምስራዝ ቆጸራን: ደረት ናይ ምስራዝ ግዜን ኣብ ናይ ገዛ ክራይ ውዕል ተጻሒፎም ይርከቡ።ኣካራዩ ውዕል ምስራዝ ኣብ ዝሓተሉ ወይ ዝደልየሉ እዋን ሓደ ሕጋዊ ቅጥዒ ክመልእ ኣለዎ። ከም ተኻራዩ ከኣ ኩሉ ሰብ ናይ 30 መዓልቲግዜ: ነቶም ኣሰነኣይቲ ወይ ኣተዓረቕቲ/ሽምገልቲ ሰበ-ስልጣን ክሕብር ዕድል ይረክብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/housing/renting-an-apartment

KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ጉርብትና

ኣብ ኩሉ መንበሪ ገዛውቲ: ኣብ መንጎ ጎረባብቲ: ዘሎ ርክብ ሓደ ዓይነት: ወይ ጥቡቕ ኣይኮነን። ንዝኾነ ግን ምስ ጎረቤት ምዝርራብን ምልዛብን ብፍላይ ኣብ ግዜ ዘይምርድዳእ ተመራጺን ግቡእን ኢዩ።

## ምስኻም ንርክብ ወይ ምውካስ

ኣብ ገለ ገዛውቲ ወይ ጎረባብቲ: ሰባት ነንሕድሕዶም: ርክቦም ብምልክት ወይ መንደቕ ብምህራም ይረዳድኡ። ኣብ ካልእ ከባቢታት ግን እዚ ዘይቅቡል ክኸውን ይኽእል። ሓድሽ ዝእቱ ሰብ ንግረባብቱ ብኣካል እንተተላለዮም: እዚ ኣብ ካንቶን ኣርጋው ካብ ገዛ ናብ ገዛ ዝተኣታቶን ዝመሓላለፍን ዘሎ ኢዩ። ሓደ ሓድሽ ተኻራዩ ምስ ሰባት/ጎረባብቲ ርክብ ክገብር ዘይደሊ: ካብ ካልኦት ክጽበ ከኣ የብሉን። ስለዚ ሰብ ኣብ ሓደ ምስኡ ዝሰማማዕ ገዛውቲ ኣብ ካልእ ከድህብ ኣለዎ። ካልእ ተኽእሎ: ምስቲ ናይቲ ከባቢ ነባሪ ህዝቢ ከራኽብ ወይ ከላሊ ዘኽእል ማሕበር ክኸይድ ኣለዎ።

## ስርዓት / መምርሒ መንበሪ ገዛ

ዳርጋ ኩሉ ገዛውቲ: ኣብ ብዙሓት ነበርቲን ዋንነትን ዘለዎ ገዛ: ሓደ ናይ መንበሪ ገዛ ስርዓት (Hausordnung) ኣሎ። እዚ ኩሉ ግዜ ምስቲ ናይ ገዛ ክራይ ውዕል ብሓንሳብ ይወሃብ። ኣብዚ ኩሉ ሕግታት ብሓባር ናይ ምንባርን: ብሓባር ትጥቀመሎም ክፍልታትን ከም ናይ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን: ብሓባት ትጥቀመሉ ነገራት ብዝርዝር ይግለጽ። ኣብ ስዊስ ብዙሕ ዋጋ ዝወሃቦ: ናይ መንበሪ ገዛ ስርዓት ምኽባርን ምሓላውን ኢዩ። እዚ ናይ ጸጥታን ህድእ ምባልን ግዜ: ብከፊል ብዕቱብ ክኽብሩ ይጥለብ።

## ግጭት

ሓደ ሰብ ካልኦት ዝርብሹ ወይ ስርዓት ናይቲ መንበሪ ገዛ ዘየብሩ ኮይኖም ምስዝረኽቦም: መጀመርታ: ምስኣቶም ክዘራረብ:ክፍትን ይምረጽ። እዚ ፍታሕ ምስዘየምጽእ ግን ነቲ ኣካራዩ ወይ ንኣማሓድሪ ናይቲ ገዛ ምሕባር የድሊ። ኣብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ኩነታት ንፖሊስ ምሕባር የድሊ(ተለፎን: 117) : ንፖሊስ ዝሕበር: ምስክር ናይ ፍጻሜ ጎነጽ ወይ ኣብ ጽቡቕ ናብራ ናይ ጎረቤት ዝግደስ ሰብ ምስዝህሉ ኢዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/housing/neighbourhood

# ተለቪዥን / ተለፎን / ኢንተርነት

**ተለፎን: ኢንተርነት.: መስመር ተለቪዥን ዝህቡ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ኣለዉ። እዚኣቶም ብከፊል ካብ ምምሕዳር ናብ ምምሕዳር ይፈላለዩ። ዳርጋ ኩሎም ነበርቲ ከባቢ ናይ ራዲዮን ተለቪዥንን ክፍሊት ክኸፍሉ ይግባእ።**

## ናይ ራዲዮን ተለቪዥንን ክፍሊት

ዝኾነ ሰብ ናይ ራዲዮ ወይ ናይ ተለቪዥን መዳባት ትስሕብ ምስትህልዎ: (ከምኡውን ናይ ኮምፒተር መሳርሒ ምስ ኢንተርነቱ): ናይ ራዲዮን ተለቪዥንን ክፍሊት (Radio- und Fernsehgebühren) ክኸፍል ኣለዎ። ምስዚ ሕጋዊ ክፍሊት: ኩሉ ፕሮግራማት ናይ ህዝባዊ ሕጋዊ መሰላት ናይ ስዊስ ራዲዮን ተለቪዥንን (SRG SSR) ከምኡ ውን ናይ ውልቂ ራዲዮን ተለቪዥንን ሓገዛት ይረኽቡ።ንምእካብ እዚ ክፍሊት ቢላግ/serafe/ ሓላፍነት ይወስድ። ናይ መመላእታ ገንዘብ /Ergänzungsleistungen/ ዝወስዱ ሰባት ካብዚ ክፍሊት ነጻ ኢዮም።

## ተለፎን: ኢንተርነት.: መስመር ተለቪዥን

ተለፎን: ኢንተርነት.: መስመር ተለቪዥን: ዝምልከት ኣብ ስዊስ ብዙሓት ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣለዉ። ገሊኦም ኣብ ዝተወሰኑ ዞባታት ጥራይ ይነጥፉ። ኣብ ከባቢ ወይ መንበሪ ምምሕዳር ኣቶም እኞረብቲ ይመጽኡ። ዝሕሸ ዋጋ ኣወዳዲርካ ምምራጽ: ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታትን ዋጋታትን ስለዘለዉ: ኣገዳሲ ኢዩ። ናይ ሳተላይት መስመር ክእቱ ዝደሊ: ነቲ እካራዪ ክሓትት: ወይ ንጎረቤት ክውከስ ይግባእ። ናይ ኢንተርነት መስመር ኣብ ውሽጢ ገዛ: ከም ልሙድ ቁልጡፍ ኢዩ። ናይ ኢንተርነት ካፈ: ኣዝዩ ውሑድ ኢዩ ዘሎ: ምኽንያቱ ኩሉ ገዛውቲ ናይ ኢንተርነት መስመር ስለዘለዎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/housing/tv--internet--telephone

# ምውጋን/ምጕሓፍ ጎሓፍ

ንምእላይ ጎሓፍ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ሓላፍነት ኣለዎ። ስለዚ ኩሉ ምምሕዳር ከባቢ: ናይ ገዛእ ርእሱ ሕግታት ኣለዎ። ምፍልላይ ጎሓፍ ኣገዳሲ ስራሕ ኢዩ። ነዚ ከኣ ዝተፈላለዩ መእከቢ ጎሓፍ ቦታታት ኣለዉ።

## ግኦሓፍ ምፍልላይን / ደጊምካ ምምስራሕን

ጎሓፍ ምፍልላይ ንምዕቓብ ከባቢን ገንዘብ ንምቑጣብን ኣዝዩ ሓጋዚ ኢዩ። ካልኣይ ዝሰርሕን ከባቢ ዘበላሹን ኻሓፍ: ኣብ ሓደ ፍሉይ መእከቢ: ናይ ካርቶን/ወረቐት: ናይ ባተሪ: ናይ ጥርሙዝ: ሓምላይ ጎሓፍ: ዘይቲ: ኣጭርቕቲ: ሓጺን... እናተባህሉ ይፍለዩ:እዚኣቶም ምስቲ ናይ ገዛ ጎሓፍ ኣይሕወሱን። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ጎሓፍ ምእላይ መደባት (Entsorgungsplan) ወይ ናይ ጎሓፍ ዓውደ ኣዋርሕ (Abfallkalender) ኣለዎ። ነዚ ኩሉ ሰብ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኣብ ዝምዝገበሉ ግዜ ይወሃቦ። ኣብዚ መዓስ ኣየናይ ጎሓፍ ኣበየናይ ቦታ ከምዝጎሓፍ ብዝርዝር ይሕበር። ኻሓፍ ምንዳድ ወይ ኣብዘይግቡእ ቦታ ምድርባይ ኩልኩል ኢዩ። ናይ ፕላስቲግ ጥርሙዝ (PET-Flaschen) ከምኡውን ካልእ ባኮታት ኣብ ኩሉ መሸጢ ቦታታት ብዘይ ክፍሊት ክምለስ ይከኣል።

## ናይ ጎሓፍ ብላስቲክ / ዝልጠፍ ማርክ / ምልክት ክፍሊት

ንካልኣይ ግዜ ክትጥቀመሉም ዘይከእሉ ጎሓፋት: ከም ናይ ገዛ መግቢ ተረፍን ጎሓፍን: ኣብ ንዕኦም ዝተዳለወናይ ጎሓፍ ፕላስቲግ ተኣኪቦም: ብሕጊ ኣብ ዝተመደበሎም ናይ ምምሕዳር ከባቢ ቦታ ይጎሓፉ። ኣብ ዋጋ ናይቲ ፕላስቲግ ወይ ኣብ ዝልጠፍ ናይ ዋጋ ማርክ ወረቐት እቲ መኽሓፊ ክፍሊት ይውሰን። ነብሲ ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ናይ ገዛእ ርእሱ ማርክ ወይ ናይ ጎሓፍ ፕላስቲግ ኣለዎ። እዚ ካብ ቤት-ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ወይ ካብ ናይ ዕዳጋ ማእከል እቲ ከባቢ ይግዛእ። እቲ ናይ ጎሓፍ ፕላስቲግ ኣብ ውሱን መዓልታት: ኣብ ጎደና ይውጽእ: ወይ ኣብ ገለ ከባቢ ኣብ ፍሉይ መእከቢ ጎሓፍ ይእከብ። ካብ ዝተወሰነ መዓልቲ ወጻኢ ጎሓፍ ኣብ ደገ ምግባር ክልኩል ኢዩ። ኣብ ብዙሓት ስድራቤታት ዝቕመጥሉ ገዛውቲ: ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ጎሓፍ መእከቢ ኮንተይነር ኣሎ። ነዚ ዝምልከት ሕቶታት ምስዝህሉ ምምሕዳር ከባቢ ወይ ጎረት ክሕብር ይኽእል።

## ፍሉይ ጎሓፍ

ፍሉይ ጎሓፍ (Sonderabfälle) ብፍሉይ ክእለዩ ኣለዎም። መርዛማት ጎሓፋት ንከባቢ ክብክሉ ወይ ኣብኡ ነዊሕ ከጸንሑ ይኽእሉ: ንኣብነት: ሕብሪ ቀለማት: ቀመማት: ባተሪ: ናይ ኤለትሪክ ኣቕሑ: ኤለትሪክ ዝቑጥቡ ላምባታት ልቺ: ወይ ዝወደቐ መድሃኒት ዝኣመሰሉ ኢዮም። እዚእቶም ምስ ናይ ገዛ መግቢ ተረፍ ጎሓፍ ብፍጹም ክሕወሱ የብሎምን። እዚኣቶም ካብቲ ዝተገዝእሉ ቦታ ክጎሓፉ ኣለዎም። እቲ መስራሒ ወይ ኣፍራዪ ትካልን እቲ ሸያጢ ትካልን ነዚኣቶም ኣብ ምእላይን ምጕሓፍን: ካብ ተጠቃሚ ብዘይ ክፍሊት ክቕበልዎምን: ግዴታን ግቡእን ኣለዎም።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

ola-aargau.ch/ti/housing/waste-disposal